# ወርቂ መንፌት ነዲዱ… ፫

አወጣሽ ሕደግኒ
እንታይ ጉድ ተርእዩኒ
ታደል ከይትአኽለኒ
ካባኺ ’ንታይ ከግኒ…

ነዙ አረቂ ኻብ ፍንጃል
ዳሕዲሕዎ ’ዙ ዓንጃል
ንነጋ፣ ነ’ዙ ሞጃል
ብወረጦ ምምንጃል…

ታደል ቕጥዒ ዘይብላ
ኩሉ “ሓትነይ” ይብላ
ሓድጉ ዓይኑ ሓበላ
ዓደ-ርባዕተ ዓብለላ…

ርአዩለይ፣ ስምዑለይ
ምሰሐይ በሊዑለይ
ሰበይተይ ወሲዱለይ
እንታይከ ገዲፉለይ…

ደጊም ብድሕሪ ዛህራ
ጉዕይያ ጉድ መኺራ
ሰኽር እንዶ ሓዲራ
አ’ መንደቕ ተቐርቂራ…

ነገሮም ሓምባጕጣ
ካብ ከበሮስ ሕምብጣ
ለውጢ ስዋ ብጡጣ
እዛ ነገር ተገልቢጣ…

’ቱ ዓታሩ ምስ ነቕዐ
ፈሲሱ ጸባ፣ ልግዐ
ሱር ዳዕሮ እተጸገዐ
ሽቃ ለማ ተጠቕዐ…

አያ ገብራይ አይትድከም
ብነይ ኢ.ታይ ’ትልከም
ቁስልኻ ዝይትሕከም
ርእስኻውን ተኸርከም…

ቕጫዶ ይሕሽ ጣይታ
’ዛ በላዒት ብርኩታ
ንመኹርዒ መኸታ
ደርቢ ቕጭን ኩታ…

መረሳ ዓደ-አውዓላ
ስዋ፣ ጡጥ ክነግደላ
ይዋዓዓል ብጃምላ
’ኸ ጉዕሽ ንሓተላ…

ሽጉርቶም ቀራሪፎም
ከይበልዑ ዓሪፎም
ሰበይቲ ሰብ ዘሪፎም
ዘይድረፍ አድሪፎም…

ጣይታ፣ ቕጫ፣ ምስ ሃንዛ
ዓንደ-ረቢ አብ ገዛ
ብዝሒ ጸወታ፣ ዋዛ
አወጣሽይ ፈዚዛ…

‘ይቕረ!’ ድአ በሉሎም
ምህረይ አይትሓዙሎም
አባጊዕ ሓልዉሎም
ደምቢኤን ኣእትዉሎም…

ነጋ፣ ወዲ መንገሻ
ኽረምቲዶ መገሻ
ገደላ-ገደል፣ ጣሻ
ለባም ኢ.ልናካስ፣ ዓሻ…

ሓሊኻ ዘይሕሎ
ምን የንፈኽፍኽ ’ሎ
ብግዓትዶ ብጥሕሎ
ልበይ ደ’ሞ ኽቕሎ…

ታደለሽይ ሳዱላ
ናይዝጊ ዓበደላ
መንፌታ ቐደደላ
ኽሳድ-ክሳዱ ዱላ…

ዋይ አነ! ሹምባሽ ቀደም
ዋዛዶ ሓደጉ አደም!
ብደቀይ ታደል፣ ዘምዘም
ይአኽለኩም፣ ይደምደም…

ዓተር፣ ሰበረ፣ ዓረስ
ሓደ ብዕራይዶ ይሕረስ
ብዘይ ኮረቻ ፈረስ
ከም እንጀራ ትቑረስ…

ገ/ኢ. ጐርፋ።

ይቕጽል…

# ወርቂ መንፌት ነዲዱ… ፬

ጸላኢ ’ባ አርሕቑልና
ብኖራ ለቐልቑልና
ጥዑይ ሰብ ድለዩልና
ሕማቕ አይተውርዩልና…

ስጡሕ እኸሊ ’ብ መረባ
ጨኪንካስ ሞት ቀረባ
ማይ ዓሰም ሩባ-ሩባ
ክንደይ ጥዑም ዘረባ…

ገደል፣ ጣሻ ገሃሳይ
ድምብርጽዶ ይብል ካሕሳይ
ምንአሱ ንመረሳይ
ጥዑም፣ ከም ቆሎ ሕሳይ…

’ዘን አዕዋፍ መሊኤን
ነቱ ስጡሕ ወዲኤን
አዕይንትና አውጺኤን
ከንቁራና መጺኤን…

ጠፍናቑ አፍንጫ ድፍጭጭ
ቑኖአ አልባሶ፣ ግልብጭ
ተኾሒላ ቑልጭ-ልጭ
ሒዝካ ኹላሶ ጉዕምጭ…

ናይዝጊ ዓርኪ ዛህራ
ብዓል ሰንጢ ምስ ካራ
ቦኾኾኽ ’ዛ ሽጋራ
ወሪዱ ንሑመራ…

አብታ ጭቃ፣ ታኼላ
ሰጋእ-መጋእ ዘይብላ
ኣእትዩ ምስ ሸኸላ
ኸይትወጽእ፣ ኸመይ ’ላ…

ኸረምቲ ኸሪመዮ
አበየኒ፣ አብየዮ
ሕሩመይ! ሓሪመዮ
ሽዑ ተሓሲመዮ…

ስዋ፣ ብጡጥ ነጊዳ
ነጋን፣ ሓድጉን ለሚዳ
አወጣሽ መዓር ኢዳ
እዘን ኣእዱግ ይኺዳ…

ኢያ ኻሕሳይ ሓማሲ
ጅግና ወደ ’ቦይ ራእሲ
ብመርዘን ሕማም ርእሲ
አብዛ መደብ፣ አብ ማእሲ…

ዕምቦባ ዓተ’ባሕሪ
አብዙይከ ’ንታይ ትገብሪ
ከምዙይ ዝበለ ነውሪ
ንስኸስ ማይ ክትሓውሪ…

ጽላሎት ዘርጊሑላ
ሓሶት አራቢሑላ
ዘይኮነ ደርጒሑላ
ወይ ’ዙ ሌባ፣ ጉሒላ…

ምልያ፣ መሊኡ ኹመል
አበይ አሎ ’ሞ አመል
መኸምብያ ይጸምበል
ውሰድዎ ንሰምበል…

ንታደል ’ናተለወ
ሰተት! ደምበ አተወ
ኸኩናይ ምስ ነቀወ
’ንታይ እሞ ጠቀወ…

ዝንግዕ-ግዕ ’ትብሉታ
አፍ-አርክብ ጸውዑታ
’ዛ ነገር ብትኩስታ
ንገሩ መሰማዕታ…

ታሪኹስ ብዙሕ ጉዱ
ወርቂ መንፌት አንዲዱ
ቀምሽ እነይ ቀዲዱ
ርኢኹምዋቶ ኺዱ…

አወጣሽይ ምስ ዘምዘም
ንባኸ ’ሞ ንቋዘም
ዓንደ-ረቢ ኸትዕዘም
ደጊምዶ ኸይትግዘም…

ላዕላይ፣ ታሕታይ ገንደፍታ
ብዘሎ እንዳ መሸታ
እሞ አይትረስዑታ
አውርዩ ’ዛ ጸወታ…

ገ/ኢ. ጐርፉ።